ወይ ጉድ.....ንኣዳም ገረሞ!!!

ብሚካኤል ኣጎስቲኖ/ ጀርመን

26. ጥሪ 2010

ርጉም ዉላድ ኣይወለድ ፡ እንተተወልደኸ ማይ ይለድ።ሓደ እዋን ደርሆ ያኢ ከምቲ ኩሉ ፍጡር እግዝኣብሄር ዝሰርዓላ ቋርፍ ወይ(ዕለታዊ ምግባ) እናማእረረት ሰላማዊ ናብራኣ ትሕልፈሉ ኣብ ዝነበረት ጊዜ ወደይ ኢላ ትንየተሉ ዝነበረት በቲ ሰላማዊ ናብራኣ ዘይታሓጎሰ ዉላዳ፡ሰላማዊ ናብራኣ ንምዝራግን ንምኹላፍን መጺኡ እተን ኣምላኽ ዝዓደላ መናፍራ ነጽዩ ቆርበታ መሊጡ ሰደዳ። ወያ ዶርሆ እዚ ኩሉ መግፋዕትን ጭካነን ኣብ ነብሳ ወሪድዋ ክንሳ ዝዉር ኢላ እንደገና ናብኡ ተመልሰት። ነዚ ዝተዓዘበ ሰብ ተዘዊራ ናብኡ ምምላሳ ኣስደሚምዎ እንታይ ኢዩ ትጉዱ ናብኡ ዘምልስሲ፡ እንታይ ኣለኪ ቢሉ ተወከሳ። ክልትጊዜ ክቀትለኒ ስለ ዘይክእል ኢየ ተመሊሰዮ። እንታይ ዶ ተሪፉኒ ኢዩ፡ ድሕሪ መናፍረይን ቆርበትን ምምላጥን ምቁራጽን ወደይሺ። ከምዚ ኢሉ ነዲኡ ቆርበታ ዝነጽን ዝቀልጥን ኣታዓባቢኡ ዝበደሎ ምስ መዕበይኻ ጥፋእ ዝባሃል ድኣ ከምዚ እንዳኣሉ።

እዚ ቢሂል፣ ንናይ ሎሚ ኣብ ድያስፖራ ዝነብሩ ኣገልገልቲ ጃንዳ ህግደፍ የዛኻኽረካ፣ ሃገርና ኤርትራ ሽዳዉን ደቓ ከፊላ ረኺባቶ ዝነበረት ዘይድፈር ግርማ ተቀንጢጡ፡ እዚ ኣብ ሳሕል ገቢሉ ዝመጸ ድያብሎስ ሉኡኽ ሰያጥን፡ ግርምኣ ኣብ ዉሽጣ ዘሪጉ ከይኣኽሎ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለምና ነጽዩ ነጻጽዩ ባዶ ዘትረፋ ሩጉም ዉላድ ኢያ ረኺባ፣ ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ብናቱ እከይ ተግባራት ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት እገዳ ከም ዝተገብራ ማንም እርትራዊ ዜጋ ዘይሰምዔ ዘሎ ኣይመስለንን፣ እሞ ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለምና ብሰሚናር ደረጃ፣ ኣጆኻ፣ ኣብ ጎንኻ ኣሎና፣ ክብሉ ክትሪእን ክትሰምዕን ከለኻ፣ ምስ'ዛ ዝተመሰለት ናይ ዶርሆ መልሲ ዝሰማማዕ ክንሱ፡ መክት እናተባህለ ኮቦሮን እንብልታን ክህረም ክትሰምዕ ከለኻ ኣዝዩ ዘሕዝንን ዘገርምን ኢዩ። ማለት ክብረትና ዝቀንጠጥካ፣ ኣብ ጥፍኣትና ዝተዋፈርካ፣ ክቡር ፕረሲደንቲ ኢሳያስ ኣፎወርቂ፣ ስጋዕ ተጽንተና ኣብ ጎንኻ ኣለና ዶ ኣይኮነን ዘስምዕ?፣ ንኣዳም ገረሞ ኢዩ ነገሩ፣ ገለ ቁራቦ ህግደፍዉያን ሂወት ዘሎዎ ኮይኑ ኢዩ ዝስምየም፣ ዓንተር ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፣ ካብኡ ሓሊፉ ኻአ ንናይ ዓለም ከይገደሶ ዝብድህ ሓየት ዘይዕጸፍ ዝሕልሞም ፣ እቲ ዝበዝሔ ክፋል ድማ ተቀርቂሮም እታ ሚዛን ናበይ ኣቢላ ከምትዘዙ ዝጽበዩ ኣካላት ኢዮም፣ ስለዚ እዞም ክንሪኦም ዝቀነና ሰሚናር ዝተኻፈሉ ነዚ ኢዮም ዝመስሉ ፣ ወይ ጉድ ..... ቢለ ከስተንትን ዝሰምዓኒ፣ ካብዚ ጨካንን ሓራዲ ስርዓት ከጋላግል ዝቃለስ ብጻይ.፣ እዚ ድኣ ታሪኽ ዲክታተርነት ዝደግሙ ዘለዉ ፣ ረሳሓት ፣ኣብ ጎሐፍ ታሪኽ ጽባሕ ዝጎሓፉ ምኂኖም ክትዝንግዕ የብልካን፣ ዘለዉ ይመስሉ፣ ከምቲ ንሱ

ዝበሎ ቀዳዳት ጎረወይና ከም ዝኾኑ ኣብ ዝቀረበ ጊዜ ከም ትብሰር ኣይትረስዕ በለኒ ፣

እዝጊ ኣፍለጠካ ፣ ሃገር ብሃገራ ማሲና፣ መንእሰያትና ናብ እግሮም ዘመርሑም ሃገራት ከም ዝባታተኑ ኮይናም፣ ጥምየት፣ ራዕዲ፣ ወዘተ,..... ካብ ኮነት ሃገርና ድኣ፣ ናይ ሓቂ ቀዳድ ጎረወይና በልኩ ፣ ስለዚ ኩቡራት ኣንበብቲ እዞም ትማሊ ኣብ ሰሚናር ናይ ህግደፍ መክት ብዝብል ስም ዝሰምዩን ዝንቃሳቀሱ ዘለዉ ክፋል ኣካልና ዶ ኣይኮኑን?፣ ኣብ ገዞኦም፣ ኣብ ቦታ መዛናጊዒ ክለባት፣ ይኹን ቤት መስተ፣ ብዉልቆም የዕሊልኩሞም ዶ ትፈልጡ?

እወ እንተኾይኑ መልሱ፣ ረኺብኩም ኣለኹም ማለት እዩ ፣ማለተይ ሎሚ ብጀካ ዉሑዳት ብገንዘብ ታዓሲቦም ዝዋፈሩ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ እንተደይኮይኑ፣ እቲ ዝበዝሔ ሓፍሽ ሲ ተስፋ ቆሪጹ ኢዩ ዘሎ፣ እቲ ዉዲት ናይ ህግደፍ ሰላማዊ ሰልፊ ድዩ፣ መክት፣ ዝብል ወፈራ፣ ንህዝቢ ንምትላል ኢዩ፣ ንሱ ሓንቲ ከይገበረ ኣይቢኢዱ ኣይብእግሩ ኣልዕል ኣቢሎም እገዳ ከም ዝወሰኑ ንምምሳል'ዩ እቲ ዉዲት፣ ንባይቶ ጸጥታ እንተኾይኑ ከአ፣ ቃል ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ሓተታኡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብ ጭንቀትን ዉዲትን ተላዕጢሙም ኢዮም ንህግደፍ እገዳ ወሲኖም ክብል ተሰምዔ እሞ ኣይ ሰሙን ኣይ ሰልስቲ ድኣ፣ ካብ ጭንቀት ዉዲቲን ዲሒኖም ዶ ኾይኖም? ንሰላማዊ ሰልፊ ዝሻባሽበለይ ዘሎ?።
መልሲ ንያኦም።
ዓወት ንህዝብና!!!